## ክላሙዲያ (Klamydia)

ክላሙዲያ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማም ኮይኑ እቲ ሕማም ብምኽንያት ጾታዊ ርክብ ኣብ መንጎ ጾታዊ ብልዕትታትን ወይ ጾታዊ ብልዕትን ከምኡውን ኣብ ኣፍ ወይ ኣብ መሃን ቱስ ዝርከብ ልፋጫዊ ሽፋናትን ብዝፍጸም ርኽክባት ይመሓላለፍ። እቲ ረኽሲ ብምኽንያት ሓደ ባክተሪያ ኣብቲ ብልዕቲን፡ ሻምብቆ ሽንቲን ኣንፈ-መዓንጣን ዝርከብ ልፍጫዊ ሽፋናት ባህ ኢልዎ ዝርከብ እዩ። ከምኡውን እዚ ረኽሲ ኣብ ዓይኒ ዝርከብ ልፍጫዊ ሽፋን ክረአ ይ ኽእል።

ኮንዶም ምጥቃም ካብ ተመሓላለፊ ሕማም ይከላኸል እዩ። እቲ ኮንዶም ክሳብ ጾታዊ ርክብ ዝፍጸም ክወጽእ የብሉን።

## ምልክታት (Symptomer)

እቶም መብዛሕትኦም ብሕማም ክላሙድያ ዝተታሕዙ ቃንዛ የብሎምን፤ ስለዚ በዚሕማም ከ ም ዝተታሕዙ'ውን ኣይፈልጡን እዮም። ክላሙዲያ ብዘይ ምልክታት ንነዊሕ ጊዜ ክጸንሕይ ኽእል። ምናልባት ንነዊሕ ዓመታት። በዚ እዋን ዝተረኽበ ክላሙዲያ ብዘይተኣማንነት ዝመጽ እ እዩ ክበሃል ኣይከኣልን እዩ።

ደቂ ተባዕትዮ ኮነ ደቀ ኣንስትዮ ክሸኑ ከለው ቀጭቀጭ ከብሎም ይኽእል እዩ፡ ሓደሓደ ግዜ ብቀሊሉ ነድሪ ፍሕኛ ናይ ሽንቲ ክመስሎም ይኽእል፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ መንእሰያት ደ ቀ ኣንስትዮ፡ ሓሊፉ ሓሊፉ ኸኣ ኣብ መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮ። ሓሊፉ ሓሊፉ ኸኣ እቲ ክላሙዲያ ኣብቲ መተዓጻጸፊ ክፍሊ ኣካላት ቃንዛ ክገብር ይኽእል።

ደቀ ኣንስትዮ ድማ ኣብ ዘይተጸበየኦ ጊዜ እቲ ወርሓዊ ጽግያት ክመጸን ይኽእልወይ ከኣ ብ

ምኽንያት ግብረ-ስጋዊ ርክብ ብምግባር ሕዋስ ደም ፈሳሲ ክራኣየን ይኽእል። እቲ ክላሙዲ ያ ባክተሪያ ናብ ሻምቡቆ ማህጸን ኣቢሉ ይብተንሞ ረኽሲ ይገብር፤ እዚ ኸኣ ናብ ምምካን ን ከምኡውን ናብ ነባሪ ቃንዛ ማህጸን ከስዕብ ይኽእል። ስለዚ እዩ ኸኣ እቲ ሕማም ብግዚኡ ክፍለጥን ሕክምና ክግበር ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ። ናብቲ ሻምብቆ ማህጸን ከም ዝተበከለ ዝህብ ምልክታት ከኣ ኣብቲ ታሕቲ ከብዲ ቃንዛ ከምኡውን ረስኒ ይገብር። ከምዚ ዓይነት ምልክታ ት ክህሉ ኸሎ ብዝቐልጠፈ ሕክምና ክግበር ኣለዎ።

ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ክትሓርስ ከላ እንተ ድኣ ክላሙዲያ ሃልይዋ፡ እቲ ቆልዓ ክብከል ይ ኽእል። ከምኡውን ረኽሲ ዓይኒን ረኽሲ ሳምቡእ ክገብረሉ ይኽእል።

ደቀ ተባዕትዮ ኣብቲ ሻምብቆ ሽንቲ ቀጭ ቀጭ የብሎም፤ ከምኡውን ፈሳሲ ይፈስስ፡ ኣብቲ ጫፍ/ርእሲ መትሎ(penis) ዕንፍሩር ይወጽእ ከምኡውን ኣብቲ ሰራውር መትሎ ቀሊል ቃን ዛ ይገብረሎም። እቲ ክላሙዲያ ባክተሪያ እንተድኣ ናብ ፍረ-ነብሲ ተበቲኑ፡ እቲ ሰፈር ፍ ረ-ነብሲ ኣጸቢቑ ከሐምም ይኽእል፡ ይቀይሕ ከምኡውን ይሓብጥ።

## መርመራ (Undersøkelse)

እቲ ክላሙዲያ ባክተሪያ ንኽፍለጥ ብቀጢን እንጸይቲ ኣብ ጫፉ ጡጥ ዘለዎ ጌርካ ካብቲ ሻ ምቡቆ ሽንቲን ካብ ክሳድ ማህጸንን ንመርመራ ዝኸውን ፈሳሲ ይወስድ። ክላሙዲያ ብመር መራ ሽንቲ ውን ክፍለጥ ይከኣል እዩ። እዚ ዓይነት ኣመራምራ በዚ እዋን'ዚ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ተኣታትዩ ይርከብ።

ኩሎም እቶም ክላሙዲያ ይህልወኒ ይኽውን ኢሎም ንነብሶም ዝጥርጥሩ ክምርመሩ ይግባእ። ብተወሳኺ ኸኣ ኩሎም መንእሰያት ደቀ-ኣንስትዮ ኮነ ደቂ-ተባዕትዮ ድሕሪ ኣቲ ኣቐድም ኣ ቢሎም መርመራ ክላሙዲያ ዝገበርዎ፤ ሓዲሽ/ሓዳስ ብጸይቲ/ብጻይ ክሕዙ ከለው ደጊሞም ክምርመሩ ይግባእ።

## ሕክምና (Behandling)

ክላሙዲያ ብኣንቲቢዮቲካ ይሕከም። መድሃኒት እናወሰድካ ከሎኻ ጾታዊ ርክብ ክትገብር የብ ልካን፣ ከምኡ ውን ሓደ ሰሙን ድሕሪ መድሃኒት ምውዳእካ።

ሕክምና ምስ ተገብረ ድሕሪ ገለ ሰሙናት ተመሊስካ ዳግማይ መርመራ እንተዝግበር ዝድገፍ እዩ።

## ብነጻ መርመራን ሕክምናን (Gratis Undersøkelse og behandling)

ክላሙዲያ ሓደ ካብቶም ሓደገኛ ተመሓላፍቲ ሕማማት ምኺኑ ኣብቲ 'ሕጊ ክንክን ተመሓ ልላፊሕማም'ተገሊጹ ኣሎ። እዚ ማለት ከኣ ብነጻ ክትምርመርን ክትሕክምን መሰል ይህበካ። ሓደ ሰብ ኣንተድኣ በዚ ሕማም'ዚ ተታሒዙ ንምስኡ/ኣ ዝርከብ/ትርከብ ወይ ከኣ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ/ት ብጸይቱ/ብጻያ ምሕባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ሓኪምን ሕሙምን ነቲ ተ መሓላላፊ ሕማም ካበይ ከም ዝተበገሰ ንኽፍለጥ ምትሕብባር ኣገዳሲ እዩ። ዕላምኡ ድማ ነቶ ም ብግብረ ስጋ ዝተረኻኸቡ ንኻልኦት ከመሓላልፉ ዝኽእሉ ንምምርማርን ንምሕካምን እዩ።